ንጋይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገ/ሰላሴ ኣስገዶም ዕ/ሓሙስ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ኣብ ኮሌጅና እትርከብ ሚስቲብሽ መኪና ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ ። ስለዚ በቢዝምልክተኩም ዘርፊ ኣብዚ ጨረታ ክተወዳደሩ ትደሊዩ ሕጋዊያን ነጋዶ ዝስዕብ ሮቆሒ አማልአኩም ክትወዳደሩ ቤት ፅሕፈትና ብክብሪ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 15, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 29, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፀዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1000.00
- ቦታ:ዕዳጋ ሓሙስ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 29, 2011 4:10 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕድጊት መኪና/

1 ናይ 2011 ዓ/ም በቢዘርፉ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ።

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ (TIN NO) ዘለዎ

3 ኣብ መንግስቲ ንክትጫረቱ ዝተሐደሰ ናይ መቕረባይነት ሰርትፊኬት መረዳእታ ዝሐዝኩም::

4 ደረጃ 3ተን ልዕሊኡን ደረጃ ምህላው ሰርቲፊኬት ዘቕርብ፤

5 ተጫረቲ መወዳደሪ ደኩሜንትኩም ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካል ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገ ስለሴ ኣስገዶም ዕ ሓሙስ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምም ር ቢሮ ቁፅሪ 03 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ክተእትዉ ከምትክእሉ::

6 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ዘይምለስ ብር 30.00/ ሰላሳ ብር / ንሕድሕድ ሎት በቢዝምልከተኩም ዘርፊ እናከፈልኩም ካብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገ/ስለሴ ኣስገዶም ዕ/ ሓሙስ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 03 ካብ ዕለት 14/05/2011 ዓ/ም ክሳብ 28/05/2011 ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 11:00 ንጉሆ እናመፃእኩም ክትወስዱ ትክእሉ::

7 እቲ ጨረታ ዕለት 28/05/2011 ዓ/ም ልክዕ 4:00 ንጉሆ ተዓፀዩ ሰዓት 4:10 ንጉሆ ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገ /ስለሴ ኣስገዶም ዕ/ሓሙስ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክብሉ ይክፈት

8 ኣሸናፊ ድርጅት ክሳብ 30/10/2011ዓ/ም ውዕሊ ዝኣስር ክከውን ኣለዎ::

9 ኣሸናፊ ድርጅት ንጠቅላላ ድምር ዝተሓተ ኣሸናፊ ይከውን::

10 ተጫረቲ በቢ ዝምልከተኩም ዘርፊ ናይ ጨረታ ዉሕስና መክበሪ ናይ መኪና ሚስቲቡሽ ፅገና ብር 1000.00 (ሓደ ሽሕ ብር) ብ cpo ወይ ብጥረ ገንዝብ ክተትሕዙ ይግባእ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ትካልና መጠን ዝግዛእ ንብረት 20 ክዉስክን ወይ ክቅንስን ዝክእል ምኮኑ::

12 ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ ::

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቑፅሪ 0347-730211 ደዊልኩም ሕተቱ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle